# ስልጡን ኣተሓሳስባ ከይውነ ንካ ናብ ፖለቲካዊ ስልጣን ምቅድዳም

ዘመናዊ ፖለቲካ ኤርትራ ካብ እዋን ግዝያዊ ሞግዚታዊ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ከም ዝጀመረ'ዩ ታሪኽ ዝምህረና። ካብ መጀመርያ 40ታት ድማ ዉልደት ፖለቲካዊ ስለፍታት ምኳኑ'ዩ። ካብ 1941 ዓ.ም ክሳብ'ዚ ዘለናሉ እዋን ክንደይ ዓመት ኮይኑ ኣሎ ንምርዳእ ኣየጸግምን። ዝያዳ ግልጺ ንምግባር 80 ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ሓደ ሰብ ተወሊዱ ንዓቕመ ኣዳም/ህይዋን በጺሑ/በጺሓ ስድራ ቤታዊ ሓላፍነት ዝሰከሙሉ ዕድመ 25 ዓመት ምኳኑ ምሁራትን ተመራመርትን ይምህሩ። ብካልእ ኣዘራርባ 25 ዓመት ማለት ሓደ ወለዶ ማለት'ዩ። ኤርትራ ሃገርና ብመግዛእቲ ጥልያን ኣብ 1890 ከም ሃገር ተወሊዳ። ዘመናዊ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ካብ ትጅምር ግን ልዕሊ ሰለስተ ወለዶታት ኣቑጺራ ኣላ። ካብ 1991 ንነ ጀውማለት ምሉእ ንምሉእ ልኡላውነታ ብሕጊ ተፈሊጡኣብ ዓለማዊ ካርታ ሰፊራ ብደቂ ሃገር ክትምራሕ ካብ ትጅምር ድማ እነሆ 29 ዓመት ወዲኣ ማብል 30 ዓመት ምቑጻር ጀሚራ ትርከብ።

እቲ ቀዳማይ 50 ዓመታት ምስ ኩሉ ባዕላዊ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ዘይብቕዓትን ዝተዋደደ ግዳማዊ መግዛእታዊ ኢድ ኣእታውነትን ስለምንታይ ዘተኣማምን ድልዱል ትሕተ ቅርጻዊ ሜደባት ዘይተሰርሐ ኢልካ ክትቀውቅስ ክኸብድ ይኽእል። በቲ ካልእ ገጹ ስለምንታይ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ዘይሰልጠን (ዘይማዕበለ) ካብ ትምክሕትን ጽበትን ድሑር ኣረኣእያታት ወጺኡ፡ ህዝባውን ደሞክራስያውን ኣተሓሳስባ ዘይነገሰ፡ ውሽጣዊ ግርጭታቱ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ፈቲሑ ንካልኦት ኣወንታዊ ኣብነት ዘይኮነ ኢልካ ክትሓስብ፡ ድሕሪት ተመሊስካ ማህደራት ታሪኽ ክትገናጽል፡ በዓል መን በሩ፡ እንታይ በሉ፡ እንታይ'ከ ገበሩ ክትብል ንቡር'ዩ። ከምህዝቢ ኣብ ዓውደ ፖለቲካን ፖለቲካዊ ደሞክራስያዊ ምሕደራን ዘለና ኣገንዝቦ፡ ንቕሓትን ብቕዓትን ከመይ ድዩ ኢልካ ክትሓትት፡ ዝውቀስ ኣካል ኣለሊኻ መሃሪ ብዝኾነ ኣገባብ ክትወቅስ ኣብቦትኡ ይኸውን። እወ 25 ዓመት ወዲ ሰብ ተወሊዱ ዓብዩ ኪዳን ኣሲሩ ኣምሳያኡ ዝወልደሉ ቁምነገር ዝሰርሓሉ ኣኽል ታርፍ ዕድመእንተደኣ ኮይኑ፡ ህዝቢ ከምህዝቢ'ኸ? ኣብ 50 ዓመት ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባና ኣበይ ክበጽሕእንታይ ክማስልን ነይርዎ? ሃገር ከምሃገር'ከ ብህንጻት ትሕተ ቅርጻዊ ስራሓት ዝርገሓ ማሕበራዊ ልምዓታዊ ትካላትን ኣበይ ክትበጽሕ ይግባእ ነይሩ? እናነ ጻጸርካ ምርኣይን ምምዛን'ውን ጽቡቕ'ዩ።

ሃገር ብናይ 30 ዓመት መሪር ብረታዊ ቃልሲ ብ1991 መግዛታዊ ሰራዊት ኣባሪራ፡ ኣብ 1993 ድማ ብመንገዲ ህዝባዊ ውሳኔ ልኡላውነታ ብሕጊ ካብ ተውሕስ እነሆ ናብ 30 ዓመት ዕድመ ትጎዓዝ ኣላ። 50 ዓመት ቅድሚ1991፡ 30 ዓመት ድሕሪ 1991 ደጊምና ምስ እንድምሮ ንረኽቦ ኣሃዛዊ ውጽኢት 80 ዓመት'ዩ። እዚ ዕድመዚ ኣዝዩ ነዊሕ'ዩ። ካብ ሃገራት ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ካብ'ታ ገዛኢትና ዝነበረት ጎሬቤት ሃገር ኢትዮጵያ ድማብፍላይ ቀዲምና ብጽሑፍ ዝተሰነደ መሓዳሪ ባህላዊ ሕጊ ከምዝነበረና፡ ካብ መጀመርያ 40ታት ከኣ፡ ምስ ዘመናዊ ሕብረ ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ምሕደራ ዝተላለና ምዕቡላት ህዝቢ ምኳና ተደጋጊሙ ክግለጽ ንሰምዕ ኢና። ብፍላይ ከኣ ኣብ'ቲ ዝተናወሐ ብረታዊ ቃልሲ ንሃገራዊ ነጻነትን ህዝባዊ ሓርነትን ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ንቕሓትና ከምዝበረኸ፣ ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒት ከም ዝተረረ፣ ውሽጣዊ ሓድነትና ዘይንቕነቕ ኮይኑ ከም ዝተሃንጸ፣ ኤርትራውያን ፖለቲከኛታት ክዛረቡ ምስማዕ'ውን ልሙድ ዘረባ 'ምጥር ሓድሽ ኣይኮነን። ኣብ ናይ 80 ዓመት

ፖለቲካዊ ዕድሜና ብጭቡጥ እንታይ ኣፍሪና? ፖለቲካዊ ንቕሓትና እንታይ ይመስል? ጀሚሪ ፖለቲካዊ ሀ ሁ ወይስ ናይ 80 ዓመት በዓል ዓቢ ተመክሮ? ከምሰብኣውያን ፍጡራት ሰብኣዊ ክብረትና ይሕሎ’ዶ ኣሎ? ነዚ ዘውሕስ ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋምከ ተኺልና ዲና? ከምዜጋታት ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጉዳያት ተሳተፎና ከመይ’ዩ? ብሓርነት ንነብር ኣለና ወይስ ብራዕዲ ምዩቕ እናበልና ኣብ ትሕቲ ስማዊ ነጻነት ኣብ ባርነት? መቑሕ ድሕረትን ባርነትን በቲኽና ወይስ ብኡ ተኣሲርና ንነብር ኣለና? ነዚ ብልክዕ እንተገምጊምናዮ ኣበይን ከመይ ንነብር ከምዘለናን ክንርእን ኣወንታዊ ሜዛን ከነንብርን ኣይክንጽገምን ኢና።

ዝተዛበዐ ፖለቲካዊ ንባብ መግለጺ ፖለቲካዊ ብስለት ኣይኮነን። ድሌት ምስ ክውንነት ተጠዓዒሙ ኣሎ ወይስ በበይኑ’ዩ ዘየማዛዝን፣ ጠንቅን ሳዕቤንን ፖሊስን ኣፈጻጽማን ፈላልዩ ዘይርኢ ኣተሓሳስባ ዝኸዶ መንገዲ ኩሉ ግምታዊ ‘ማባር ወድዓውን ሚዛናውን ክኸውን ኣይክእልን። ብዘግምት ፖለቲካ እናተመራሕካ፡ መን ከማና ፖለቲካዊ ንቕሓት ዝብል መግለጽን ኣስተምህሮን ድማውጽኢቱ፡ ከምቲ “ጭቓራፍ’ሲ ባዕላ ወቒዓ ባዕላ ተእዊ” ዝብል ምስላ’ዩ ዝኸውን። ብተግባር ኮይኑ ዘሎ ድማ ከምኡ’ዩ። ፖለቲካና ዕድመ ዝጸገበ’ዩ። ብደረጃ ንቕሓትን ህዝባዊ ኣረኣእያን ግን፡ ገና ካብ ተለመደን ፖለቲካ ከምዝሰገረ ዘረጋግጽ ጭቡጥ ሚዳእታ የለን።

ፖለቲካዊ ንቕሓት፡ ፖለቲካዊ ብስለት፣ ፖለቲካዊ ሓላፍነት፣ ብቕዓት ፖለቲካዊ ምሕደራ ማሰረቱ፡ ህዝባዊ ወገናውነትን ህዝባዊ ክብርን ምህላው’ዩ። ህላዌኡ ከኣ ብግልጺ ኣብ ባይታ ዝረኣን ብህዝባዊ ቅቡልነት ዝግለጽን ‘ማባር፡ ከም “ደቂ ኣሕድርትና” ኣሎ እናተባህለ ኣብ ባይታ ዘይረአ ኣይኮነን። ከምቲ ዝበሃል ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ ፖለቲከኛታትን ምሁራትን ከኣ ብፍላይ ንቑሓትን ስልጡናትን እንተንኸውን ኔርና፡ ብቕዓትና ጸገምና ኣብ ምፍታሕ መማስከርና ኔርና። ምኡእ እፎይታ ዝህብርጉእ ፖለቲካ ኣብ ምፍጣር ግዜ እንተሓተተ፡ ነጸብራቕ ስልጡን ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባና፡ ማእታዊ ሃገራዊ ሰላም፡ ማሰረታዊ ሰብኣዊ ክብረት፡ ውሕስነት ዘለዎ ናይ ዜጋታት ምንቅስቓሳትን ...ወዘተ ምተራእየ ነይሩ። ውሑዳት ጸረ-ህዝቢ ኣረኣእያ ሒዞም ብመንገዲ ጥፍኣት እናሃለሉ፡ ውጹዓትን ብዙሓትን ሓቢሮም እምቢ ብሓደ ኢደ-ወነናዊ ጉጅለ ኣይንግዛእን ኢሎም ትርጉምዘለዎ ሓድነት ፈጢሮምክምክቱ ደላዩ ሰላምማሕበረ-ሰብዓለምምተዓዘበ ነይሩ።

ኣተሃላልዋና ብተግባር ኣንጻር ናይ’ቲ ብልሳና መን ከማና ስልጡናት ኢና ክንብል ንገልጾ’ዩ። ኣብ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ዘለና ተረድኦ ስልጡን ዘይምዃኑ ብናይ ሰብ ደርቂ ትህረምዘላ ኤርትራ ምስክር’ያ። እወ ብህይወት ስለ ዘለና ነስተንፍስ ኢና። ኤርትራውያን ስለዝኾና ኣብ ኤርትራ ብዝፍጸምዘሎ ኣድልዎን ስቅያታዊ መግረፍትን ኣሜልኪትና ንዛረብ ኢና። እቲ ንዛረቦ ግን ጥምሮ ዝበለ ሓሳብ ኣይኮነን። ኣንፈቱ ካበይ ናበይ ኣይንጹርን። ንመን ኮይኑ ንመን’ዩ ዝድግፍ ዝብርቕርቕ ዝበለ’ዩ። ብዓማሚትምክሕታዊ ኣረኣእያን ካብኡ ወጻኢ ንዘሎ ደሞክራስያዊ ይኹን ትምክሕታዊ ኣረኣእያ ክኹንን፣ ጸቢብ ኣረኣእያ፡ ካብ ማሳርዑ ወጻኢ ንዘሎ ህዝባዊ ይኹን ጸቢብ ኣረኣእያን ክኹንን፣ ሜሊሉ ሓዳሪ ተበላጺ ኣረኣእያ ብተማሳሲሊ የማን ጸጋም ወደኽደኽ እናበለ ንኹሉ ከወግዝ ህዝቢ ከደናግር ዝሕልን’ዩ። ስልጡን ኣተሓሳስባ ኣብ ዝዕብልሎ ፖለቲካዊ ስርዓት ከምዚ ዓይነት ምድውዋስ

ኣይፍጠርን። ፖለቲካና ግን ብንቕሓትን ብቕዓትን ዘይኮነ ብድሑር ኣረኣእያታትን ዝንባሌታትን ስለ ዝተዘርገ ዘሕፍር 'ምጥር ዘነይት የብሉን።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ክንወድቕ ዝገበረና ምኽንያት እንታይ'ዩ? ኣብ ከምዚ ክንወድቕ ዝገበረ ምኽንያት ብዙሕ'ዩ። ካብ'ቶም ብዙሓት ከም ኣብነት ክልተ ማሰረታዊ ነገራት ክጥቀሱ ይኽእሉ። ቀዳማይ፡ ከም ህዝቢ ህርኩታት ኣብ ስራሕ፡ ተበዓት ጀጋኑ ኣብ ዓውደ ውግኣት ክንስና ኣብ ከሜይነት ፖለቲካዊ ምሕደራን ዘይስገር ኣድላይነቱን ዘለና ርድኢት ድኹምዩ። ብግዝያዊ ስምዒት ዝተገዝአ ደኣምጥር ርሑቕ ዝጠመብብሱል ፖለቲካዊ ዝተቓነየ ኣይኮነን። ክብረት ህዝብን ህዝባዊ ልኡላውነትን ዘይኮነ፡ ሃገርን ሃገርነት ቅድሚኩሉ ዝብል ዝንቡዕ ኣረኣእያ'ዩ ነጊሱ ዘሎ። እዚ መግለጺ ድሑር ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ'ዩ። ንቑሕን ስልጡንን ኣተሓሳስባ ነገራት እንክግምግም ካብ ባህሪኦም 'ምጥር ካብ ዕለታዊ ተግባራት ኣይጅምርን። ህዝብን ህዝባዊ ክብረትን 'ምጥር፡ ሃገር ቅድሚ ኩሉ ኢሉ ኣይብገስን። ካብ ዝኾነ ኩርናዕ ብዝኾነ መልክዕ ውደባ ንዝመጽእ ናይ ዜጋታትን ህዝብታትን ናይ ተበዲለ ታዳኒየ ሰብኣውን ደሞክራስያውን ማሰለይ ተረጊጹ ዝብል ሕቶ፡ ብዓይኒ ማሰል ደሞክራሲ ተቐቢሉ ንምፍትሑዝሰርሕ'ዩ። ናይጸጋምፖለቲካዊ ኣረኣእያ ድዩ ዝኽተል ናይ የማን ፖለቲካዊ ኣረኣእያን ኣነጺሩ፡ ማሕበራዊ ማሰረቱ መን ምዃኑ ፈሊጡን ኣፍሊጡን ብውሳኒ መልክዑ ብሓይሊ ሓሳብ ክስዕር ዝቃለስ'ዩ። እዚ ኣረኣእያን ኣተሓሳስባን እዚ'ዩ ስልጡን ዝበሃል። ስለዚ ከኣ ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ እዚ ስልጡን ኣተሓሳስባ'ዚ ፈጺሙየለን'ኳ እንተዘይተባህለ ገዛኢ ኣተሓሳስባ ግን ኣይኮነን።

ካልኣይን ቀንዲ ዕንቅፋት ናይ ኩሉ ጸገማት ኮይኑ ዘሎ፡ ስልጡን ፖለቲካ ከይወነንካ ስልጡን ማኪልካ፡ ናብ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝግበር ቅድድምዩ። ህርፋን ስልጣን ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ካብ ንቡር ዝተፈልየ'ዩ። ፖለቲካዊ ውድብ ፖለቲካዊ ስልጣን ንመዛዝ ከምዝቃለስ ዘከራኽር የብሉን። ፖለቲካዊ ስልጣን ከሜይ ክተሓዝ ከምዘለዎ ናቱ መንገዲ ኣለዎ። ሓቀኛ ህዝባዊ ኣረኣእያ ወኒንካ፡ ኣብ ህዝቢ ዘሪእካ ድሕሪ ብዙሕ ትዕግስትን ማስዋእትን ብሕጊ ዝሕፈስ ምህርቲ 'ምጥር፡ ብደረጃ ውድብ፡ ሓባራዊ ግንባር ይኹን ሃገር፡ ብዝኾነ ኣጋጣሚ ንህዝቢ ኣደናጊርካ ድዩ ኣፈራሪሕካ ብኣቋርጭ ዝብጻሕ ኣይኮነን። ኣብ ኤርትራውያን ፖለቲከኛታት ዘሎስሰዐ ስልጣን ግን ኣብ ጥርዚ ዝበጽሐ'ዩ። ገዛእ ርእሱ ጸላኢ ህዝቢ'ዩ። መድሓኒት ኣልቦ ከቢድ ሕማምካንሰር'ዩ። ውልቀ ማላኺ ኢሳያስን ጃንዳኡን ካብ መጀመርያ 70ታት ክሳብ ሎሚ ኣብ ስልጣን ዘለዎም ርድኢት፡ ስልጣን ዝሓዝሉን ኣውሒሰምሉ ዘለው ኣገባብን ልቢ ኢልና ንተዓዘብ።

ኣብ ደምበ ደለይቲ ፍትሒ ዝርከቡ ፖለቲካዊ ሜሪሕነት "ሓፍ ከይበላ ... ኣበላ" ከምዝበሃል ስልጡን ፖለቲካዊ ኣረኣእያን ባህሊ ስራሕን ከይወነኑ፣ ኣብ ህዝቢ ኣትዮም ሰባት ከየፍረዩ፣ ከም ውድብ ድዩ ከም ግንባር ኣብ ቅድሚጸላኢ ተወዳደርቲ ከይኮኑ እንከለው፥ ኣብ ሕድሕዶምኣብ ሕቶ ፖለቲካዊ ስልጣን ከገብርዎ ዝጸንሑን ገና ዝቕጽልሉ ዘለዎን ሕማታ ከም ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ሒዝካ ምብልላዕ፡ ብሓሳብ ምቅንጽጻል፡ ንስለ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ቆይምና እናበሉ፡ ኣለና ንዝብልዎ ፖለቲካዊ ፍልልይ ኣብ ክንዲ ብግሉጽ ደሞክራስያዊ ኣገባብ ዝኣልይዎን ዘመዓድርዎ፡ ከም ተራ ማሕበራዊ ባእስን ዕርቅን፡

ብከውሊ እከለ ንእከለ ርኹቦ፣ እከለ ኣብ ስልጣን ከይመጽእ ባይታ ንኽላኣዮ ንቖንጽሎ፣ ስልጣን ካብ ኢድና ክትወጽእ የብላን ..ወዘተ እናተባህለ ዝግበር ዘሎ ሸርሕታት ብርግኣት ንዝከታተል ብሱል ዜጋ፡ ስልጡን ኣተሓሳስባ ከይወነንካ ናብ ፖለቲካዊ ስልጣን ናይ ምቅድዳምሕማምኮለል ኢሉ'ዩ ዝረአ። ንጉጅለ ህግደፍ ክሳብ ብቓልሲ ዘይተወገደ ዝደለየ ይበልን ይግበርን ቅቡጽ ስለ ዝኾነ ንቕበጾ። ኣብ'ቲ ዘይቅበጽ ካብ ምዕራዩ ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ ዘይብሉ ደምባ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢኣብ ፖለቲካዊ ስልጣን ዘሎ ዝንቡዕ ርድኢት ግን ብትኹረት ክረአ ይግባእ። 80 ዓመት ኣብ ዘቑጸረ ገዲምሃገራዊ ፖለቲካ፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ብቕዓት ምሕደራን ዝሰረቱ፡ ብሕግን ብመትከልን ዝግዛእ ስልጡን ኣተሓሳስባ ንዕዘብ የለናን። ገለ ካብ ገዳይም ተቓለስቲ ኤርትራውያን "ኤርትራውያን ከይንሰማምዓ ተሰማሚዕና ኢና" ዝበልሉ ብተግባር ንሪአሉ ዘለና ወቕቲ ኢና ንርከብ ዘለና። ስለዚ ኩልና ስልጡን ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ከይወነንካ ናብ ፖለቲካዊ ስልጣን ምቅድዳም ንጸየን። ዒብንግበር።

**ካብ ዛራ-ማና**

10-07-2020